# ንእተመልክትዎ ዕቑባ
# ሓላፍነት ዘለዋ ሃገር ኣየነይቲ እያ?
መስርሕ-ዱብሊን

**እዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ንምንታይ ይወሃበኩም ኣሎ?**
ንስኹም ኣብ ኔዘርላንድ ዕቑባ ሓቲትኩም ኣለኹም። እንተኾነ ግን ምናልባት ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር፣ ናይ ዕቑባ መሰል ዘለኩም ምዃንኩምን ዘይምዃንኩምን ክትግምግሞ ዝግባእ ክኸውን ይኽእል እዩ። ነቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ኣየነይቲ ሃገር ከተመስርሖ ከምዘለዋ ኣብ ስርዓተ-ሕጊ ዱብሊን ተወሲኑ ኣሎ። እዚ ናይ ኤውሮጳ ሕጊ እዩ።
እዚ ሓንቲ ሃገር ንሕቶ ዕቑባ ብዝምልከት ንኣብነት ኣብዚኦም ዝስዕቡ ኩነታት ሓላፍነት ከምዘለዋ ዝጠቕስ እዩ፡
• ሓደ ወጻእተኛ ዜጋ ንመጀመርታ ግዜ ኣብዛ ሃገር ዕቑባ ምስዝሓትት።
• ሓደ ወጻእተኛ ዜጋ ብዘይሕጋዊ መንገዲ በዛ ሃገር ኣቢሉ ናብ ኤውሮጳ ዝገሸ ምስ ዝኸውን።
• ሓደ ወጻእተኛ ዜጋ ቪዛ ናይታ ሃገር ምስ ዝህልዎ ወይ ብመንገዲ እታ ሃገር ምስ ዝረከብ።

ፖሊስ (AVIM) ን/ወይ Koninklijke Marechaussee (KMar)፣ ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር ሓላፍነት ዘለዋ ምዃኑን ዘይምዃኑን ይምርምር። ሰረሕተኛታት ናይ ፖሊስ ን/ወይ KMar፡
• ሰነዳትኩም ንኽምርምሩ ይወስድዎም። ንስኹም ቅድሚ ናብ ኔዘርላንድ ምምጻእኩም፣ ኣብ ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር ዝነበርኩም ምዃንኩምን ዘይምዃንኩምን ይምርምሩ። ከምኡ እውን ናይ ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር ቪዛ ዘለኩም ምዃኑን ዘይምዃኑን።
• ናይ ኣጻብዕትኹም ዓሸራ ይወስዱ። ንሳቶም እዚ ኣብ ስርዓታት-ኮምፒተር Eurodac ወይ EU-VIS ተመዝጊቡ ምህላዉን ዘይምህላዉን ይቆጻጸርዎ። ኣብዚኦም ስርዓታት-ኮምፒተር ናይ ነፍስወከፍ ኣብ ኤውሮጳዊት ሃገር ዕቑባ ናይ ዘመልከተ ወይ ቪዛ ናይ ዝተዋህቦ ሰብ፣ ናይ ኣጻብዕቲ ዓሸራ ተመዝጊቡ ይርከብ።

እዚኦም መርመራታት፣ ናይ ዕቑባ ሕቶኹም ብዝምልከት ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር ተሓታቲት ክትከውን ከም እትኽእል ከርእዩ ይኽእሉ እዮም። IND፣ ናይ ዕቑባ ሕቶኹም ብዝምልከት ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር ከተመስርሖ ዘለዋ ምዃኑን ዘይምዃኑን ብተወሳኺ ይምርምር። በዚ ምኽንያት ድማ መስርሕ-ዱብሊን ትኽተሉ። እዚ መስርሕ ካብቲ ኣብ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ̎ንስኹም ዕቑባ ንምርካብ ከተመልክቱ ደሊኹም፣ ናይ ምምልካትን፣ ናይ ዕረፍትን ምድላውን ግዜ” ከምኡ እውን ኣብ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ̎ናይ ዕቑባ ሕቶኹም። ሓበሬታ ብዛዕባ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ" ተጠቒሱ ዘሎ መስርሕ ብዝተፈልየ ኣገባብ እዩ ዝኻየድ። ኣብዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ፣ ኣብ መስርሕ-ዱብሊን እንታይ ከምዘጋጥም ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ከም ሓታቲ ዕቑባ ድሕሪ ምምዝጋብኩም

ንስኹም ኣብ ኔዘርላንድ ዕቑባ ሓቲትኩም ኣለኹም። መንነትኩም፣ ስለዚ ንስኹም መን ምዃንኩም ተረጋጊጹ እዩ። ናትኩም ሓበሬታታት ብመንግስቲ ኣብ ስርዓታት-ኮምፒተር ኣትዮም (ምዝገባ) እዮም። ከምኡ እውን ናይ ዕቑባ ሕቶኹም ብዝምልከት ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር ተሓታቲት ክትከውን ስለ እትኽእል መስርሕ-ዱብሊን ክትጅምሩ ምዃንኩም IND ወሲኑ ኣሎ። ስለዚ IND ነዚኣ ካልእ ሃገር ነቲ ናይ ዕቑባ ሕቶኹም ንኽተመስርሖ ሓላፍነት ክትወስድ ወይ እንደገና ሓላፍነት ክትቕበል ድሮ ሓቲቱ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ናይ ዱብሊን ቃለ-መሕትት

ንስኹም ብዛዕባ መንነትኩም፣ ዜግነትኩምን መንገዲ ጒዕዞኹምን ብዝምልከት ምስ ሓደ ካብ ሰራሕተኛታት ናይ IND 1 ወግዓዊ ዝርርብ ክህልወኩም እዩ። እዚ ዝርርብ ናይ ዱብሊን ቃለ-መሕትት እዩ። IND፣ ኣብ ሰነዳትኩምን ዓሸራ ኣጻብዕትኹምን ዝተገብረ መርመራ ብዝምልከት ውጽኢታት ይነግረኩም። ከምኡ እውን ብዛዕባ እዚ ገለ ሕቶታት ክሓተኩም እዩ፣ ንኣብነት ኣቐዲምኩም ኣብ ኤውሮጳ ዕቑባ ሓቲትኩም ነይርኩም ምዃንኩምን ዘይምዃንኩምን። እዚኦም ሕቶታት ብዛዕባ ንምንታይ ካብ መበቆል ሃገርኩም ንስደት ወጺእኩም ዝምልከቱ ኣይኮኑን። ንስኹም ኣብዚ ዝርርብ፣ ንምንታይ ኔዘርላንድ ናይ ዕቑባ ሕቶኹም ከተመስርሖ ኣለዋ ኢልኩም ከም እትሓስቡ ክትነግሩ ትኽእሉ ኢኹም። ከምኡ እውን ብዛዕባ ምትሕልላፍ ናብ ካልእ ሃገር ብዝምልከት ምናልባት ክህልወኩም ዝኽእል ተቓውሞታት ክትነግሩ ትኽእሉ፣ ንኣብነት ብሕክምናዊ ምኽንያታት። ምትሕልላፍ ማለት፣ ነቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ናይ ምምስራሕ ሓላፍነት ናብ ዘለዋ ሃገር ትኸዱ ማለት እዩ።

**ኣተርጓሚ**

እቲ ምስ IND ዝግበር ዝርርብ ብሓገዝ ኣተርጓሚ (ብተሌፎን) እዩ ዝግበር። IND ሕቶታት ብቋንቋ ኔዘርላንድ ይሓትት። እቲ ኣተርጓሚ ነዚኦም ሕቶታት፣ ናብቲ ንዓኹም ዝርድኣኩም ቋንቋ ይትርጉመልኩም። እቲ ኣተርጓሚ ንመልሲታትኩም ናብ ቋንቋ ኔዘርላንድ እውን ይትርጉሞም። እቲ ኣተርጓሚ ገለልተኛ እዩ፣ ኣብ IND ዝሰርሕ ኣይኮነን፣ ከምኡ እውን ኣብቲ ብዛዕባ እቲ ዘመልከትኩሞ ዑቕባ ዝውሰድ ውሳኔ ዋላ ሓንቲ ጽልዋ የብሉን። ኣገዳሲ፡ ንስኹምን እቲ ኣተርጓሚን ብጽቡቕ ክትረዳድኡ ዘይትኽእሉ እንተድኣ ኮይንኩም፣ ብዛዕባ እዚ ብቕጥታ ሓብሩ። ስለዚ IND ካልእ ኣተርጓሚ ከዋድድ እዩ። ንስኹም እቲ ሕቶ ብግቡእ ስለዘይተረዳእኩሞ፣ ዘይምርድዳእ ከይፍጠር ኣገዳሲ እዩ። IND ናይቲ ናይ ዱብሊን ቃለ-መሕትት ጸብጻብ የዳሉው።

**ግምገማ**

ድሕሪ እቲ ናይ ዱብሊን ቃለ-መሕትት፣ IND ነቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ካልእ ሃገር ከተመስርሖ ሓላፍነት ዘለዋ ምዃኑን ዘይምዃኑን ይግምግም። ውጽኢት ናይዚ ግምገማ፣ ናይ ዕቑባ መስርሕኩም ብኸመይ ከምዝቕጽል ይውስን። 2 ተኽእሎታት ኣለዉ፡

1. IND፣ ነቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ኔዘርላንድ ከተመስርሖ ሓላፍነት ዘለዋ ምዃኑ ክግምግም ይኽእል። ስለዚ መስርሕ ዕቑባኹም ከምቲ ኣብ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ̂ናይ ዕቑባ ሕቶኹም። ሓበሬታ ብዛዕባ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ" ተጠቒሱ ዘሎ ይካየድ።
2. IND፣ ነቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ካልእ ሃገር ንኽተመስርሖ ሓላፍነት ዘለዋ ምዃኑ ክግምግም ይኽእል። IND ነቲኣ ካልእ ሃገር ነቲ ናይ ዕቑባ ሕቶኹም ንኽተመስርሖ ሓላፍነት ክትወስድ ወይ እንደገና ሓላፍነት ክትቕበል ገና ኣይሓተታን ድዩ? ስለዚ IND ድሕሪ ናይ ዱብሊን ቃለ-መሕትት ከምኡ ክገብር እዩ። እዚ ጮሕቶ ምውሳድ ወይ እንደገና ምቕባል ሓላፍነትኺይበሃል። ከምኡ ምስ ዝኸውን፣ ናትኩም መስርሕ-ዱብሊን ኣብ ኔዘርላንድ ብኸመይ ከምዝካየድ ኣብዚ ታሕቲ ከንብቡ ትኽእሉ ኢኹም፡

## ቀዳማይ ውሳኔ (ዝተሓስበ-ውሳኔ)

ንስኹም (ብመንገዲ ጠበቓኹም) IND ክወስዶ ዝሓሰበ ውሳኔ ዘለዎ ደብዳቤ ትቕበሉ። ዝተሓስበ-ውሳኔ፣ ቀዳማይ ውሳኔ እዩ። ኣብኡ IND ንዘመልከትኩሞ ዕቑባኹም ንኸመስርሖ መደብ ከምዘይብሉ ተጠቒሱ ይርከብ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ኸኣ፣ ዕቑባ ክወሃበኩም ምኺኑን ዘይምኺኑን እትግምግሞ ሃገር፣ ኔዘርላንድ ዘይኮነትስ ካልእ ሃገር ስለዝኾነት እዩ። ኣብዚ ደብዳቤ ምኽንያታት ናይቲ ቀዳማይ ውሳኔን፣ እዚ ንዓኹም እንታይ ሳዕቤናት ከምዘለዎን እውን ተጠቒሱ ይርከብ።

## ምይይጥ ቃለ-መሕትትን ርእይቶን

ጠበቓኹም ንጸብጻብ ናይ ዱብሊን ቃለ-መሕትትን ክውሰድ ዝተሰሓበ ውሳኔን ምሳኹም ይዘራረበሉ። ኣብዚ ዝርርብ እውን፣ ኣተርጓሚ ንኹሉ እቲ ንስኹምን ጠበቓኹምን እትብልዎ ብምትርጓም ይሕግዝ። እንተድኣ ዝኾነ ነገር ካብዚ ጸብጻብ ጎዲሉ ወይ ብትኽክል ዘይተጻሕፈ ኣሎ ኮይኑ፣ ጠበቓኹም ብዛዕባ እዚ ንIND ብደብዳቤ ይሕብር። ጠበቓኹም ብጽሑፍ ርእይቶ ናብ IND ክልእኽ እውን ይኽእል እዩ። እዚ ንስኹም ምስ ጠበቓኹም ብሓባር ብምኺን፣ ብዛዕባ እቲ ክውሰድ ዝተሓስበ ውሳኔ ወግዓዊ መልሲ እትህብሉ ደብዳቤ እዩ። ኣብዚ ደብዳቤ ንምንታይ ምስቲ ክውሰድ ዝተሓስበ ውሳኔ ዘይተሰማምዑ ምኺንኩም ክትነግሩ ትኽእሉ።

## ውሳኔ

ናትኩም ርእይቶ ድሕሪ ምግምጋም፣ IND ነቲ ክውሰድ ዝተሓስበ ውሳኔ ከስተኻኽሎ ዘለዎ ምኺኑን ዘይምኺኑን ይግምግም። ውጽኢት ናይዚ ግምገማ፣ ናይ ዕቑባ መስርሕኩም ብኸመይ ከምዝቕጽል እንደገና ይውስን። 2 ተኽእሎታት ኣለዉ፡

1. ነቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ካልእ ሃገር ንኸተመስርሖ ሓላፍነት ዘለዋ ምኺኑ፣ IND ኣብ ርእይቶኡ ይጸንዕ። እዚኣ ካልእ ሃገር ንምምስራሕ ናይ ዕቑባ ሕቶኹም ካብ ኔዘርላንድ ሓላፍነት ክትቕበል ይደልይ። ንስኹም (ብመንገዲ ጠበቓኹም) ካብ IND ደብዳቤ ትቕበሉ። እዚ ኸኣ ውሳኔ ወይ ውልቃዊ ውሳኔ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብኡ IND ንዘመልከትኩሞ ዕቑባ ከመስርሖ ከምዘይኮነን፣ ከምኡ እውን ምኽንያት ናይዚን ተጠቒሱ ይርከብ። እዚ ንዓኹም እንታይ ሳዕቤናት ከምዘለዎ እውን። ከምኡ እውን ምስቲ ውሳኔ ዘይትሰማምዑ እንተድኣ ኮይንኩም፣ እንታይ ክገብሩ ከም እትኽእሉ። ናብታ ሓላፍነት ዘለዋ ሃገር ንምምላስ እንታይ ክትገብሩ ከም እትኽእሉ እውን ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም። ጠበቓኹም ብዛዕባ እቲ ውሳኔ ብዝምልከት ምሳኹም ይዘራረበሉ።
2. ናትኩም ርእይቶ ድሕሪ ምንባብ፣ IND ነቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ኔዘርላንድ ንኸተመስርሖ ሓላፍነት ዘለዋ ምኺኑ ክግምግም ይኽእል። ስለዚ ከምኡ ምስ ዝኸውን መስርሕ-ዱብሊን ንዓኹም ዝምልከት ኣይከውንን፣ ከምኡ እውን ናብ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ ኔዘርላንድ ትኸዱ። ኣቀዲሙ ዘይተዋህበኩም ምስ ዝኸውን ድማ ነዚ መስርሕ ዝምልከት ካልእ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ይወሃበኩም።

## ድሕሪ ናይ ዱብሊን ውሳኔ

ናይቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ሓላፍነት ዘለዋ ካልእ ሃገር ድያ? ስለዚ እቲኣ ሃገር ንዝመልከትኩሞ ዕቑባ ክትግምግሞ እያ። እዚ ማለት ናብዛ ሃገር ክትከዱ ኣለኩም፣ ወይ ድማ ድሮ ኣብኡ እንተነይርኩም ናብኡ ክትምለሱ ኣለኩም ማለት እዩ። IND፣ ነዚ ጉዕዞ ንኽዋድድ ንኣገልግሎት ምምላስን ንቕሎን (Dienst Terugkeer en Vertrek - DT&V) ይሓቶ። እታ ሓላፍነት ዘለዋ ሃገር ድሕሪ ምስምማዓ፣ ንስኹም ኣብ ውሽጢ 6 ኣዋርሕ ክትምለሱ ኢኹም። ኣብ ዝተወሰኑ ኩነታት እዚ ግዜ ክናዋሕ ይኽእል እዩ። ኣብ ዶባት ናይ ኔዘርላንድ ዲኹም ዕቑባ ሓቲትኩም (ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ወይ ወደባት ባሕሪ)? ወይ ናብ ቤት-ማሕቡስ ወጻእተኛታት ተወሲድኩምን፣ ከምኡ እውን ዕቑባ ሓቲትኩምን ዲኹም? ስለዚ እቲ ምትሕልላፍ እንተደንጎየ ኣብ ውሽጢ 6 ሰሙንታት ይግበር። ናብታ ሃገር ቀልጢፍኩም ክትከዱ ትደልዩ ዲኹም? ስለዚ ብወለንታኹም ንኽትምለሱ ክትተሓባበሩ ከም እትደልዩ ንDT&V ሓብሩ። ድሕሪኡ DT&V ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም ናብታ ሓላፍነት ዘለዋ ሃገር ንኽትመሓላለፉ ምእንቲ ክትክእሉ ምድላዋት ክገብረልኩም እዩ።

**ይግባይ**

ምስቲ ውሳኔ ናይ IND ዘይትሰማምዑ እንተድኣ ኮይንኩም፣ ምስ ጠበቓኹም ብምምይያጥ ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ማለት፣ ምስቲ ውሳኔ ናይ IND ዘይትሰማምዑ ምኽንኩም፣ ብመንገዲ ደብዳቤ ብወግዒ ንቤት-ፍርዲ ትሕብሩ ማለት እዩ። ናብታ ሓላፍነት ዘለዋ ሃገር ንኽትመሓላለፉ ዘለውኹም ተቓውሞታት ኣየኖት ምዃኖም ጠበቓኹም ኣብኡ ክጽሕፎም እዩ። ንውሳኔ ናይ ቤት-ፍርዲ ኣብ ኔዘርላንድ ኮይንኩም ክትጽበዩ ብመትከል ኣይፍቐደልኩምን እዩ። እንተኾነ ግን ኣብ እዋን እቲ መስርሕ ይግባይ ኣብ ኔዘርላንድ ክትጸንሑ ዝፍቐደልኩም ምዃኑን ዘይምዃኑን ንቤት-ፍርዲ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ እዚ ጠበቓኹም ክሕግዘኩም እዩ። ብድሕሪኡ IND ንዝመልከትኩሞ ዕቑባ ኣብ ዝወሰነሉ ግዜ ንሕጊ ብግቡእ ተኸቲሉ ምዃኑን ዘይምዃኑን እቲ ዳኛ ቤት-ፍርዲ ክምርምሮ እዩ።

## ኣየኖት ውድባት የጋጥምኹም?

**Centraal Orgaan opvang asielzoekers** (COA) ነቶም ኣብ ኔዘርላንድ ዝርከቡ ዕቑባ ዝደልዩ ሰባት፣ ኣብ እዋን መስርሕ ዕቑባ፣ መዕቆቢ ቦታን ምእላይን ከምዝህሉው የረጋግጽ። COA ንስኹም መግብን፣ መድሕን ጥዕናን ከምዝህልወኩም እውን ይገብር። COA ምስ ዶክተር ኣብ ምርኻብ ክሕግዘኩም እውን ይኽእል እዩ። COA ገለልተኛ ማለት ነጻ ዝኾነ ተቐዋም እዩ፣ ከምኡ እውን ብዛዕባ እቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ኣይውስንን እዩ። www.coa.nl

**GezondheidsZorg Asielzoekers** (GZA) ክትሓሙ እንከለኹም ወይ ሕክምናዊ ሕቶታት ምስዝህልወኩም እትኸድዎ ውድብ እዩ። ኣብ ነፍስወከፍ መዕቆቢ ቦታ ናይ COA ወይ ኣብ ጥቓኡ፣ ሓደ ማእከል ክንክን ጥዕና ሓተትቲ-ዑቑባ GZA ኣሎ። GZA፣ ምስ ተሓጋጋዚ ሓኪም፣ ምስ ኣላዪት ሕሙማት፣ ምስ ምክትል ዶክተር፣ ምስ ክንክን ኣእምሮኣዊ ጥዕና (GGZ)፣ ወይ ምስ ሓፈሻዊ ክኢላ ሕክምና ቆጸራታት የዋድደልኩም። www.gzasielzoekers.nl

**VluchtelingenWerk Nederland** (VWN) ገለልተኛ ማለት ነጻ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ማሕበር እዩ፣ ከምኡ እውን ንረብሓታት ናይ ሓተትቲ ዕቑባ ንምርግጋጽ ዝቐመ እዩ። VWN ነዚ መስርሕ ኣብ እተካይድሉ እዋን ብዛዕባ እቲ መስርሕ ዕቑባ ዝምልከት ብውልቂ ሓበሬታ ይህበኩምን ይሕግዘኩምን፣ ምስ ካልኦት ውድባት ጸገማት ኣብ ዘጋጥመኩም እዋን ከም መንጎኛ ይድግፈኩምን። ከምኡ እውን ኣብዚ መዳይ እዚ ምስ ጠበቓኹም ብቐረባ ይሰርሕ። VWN ብዛዕባ እቲ ዘመልከትኩሞ ዕቑባ ኣይውስንን እዩ።
www.vluchtelingenwerk.nl
www.refugeehelp.nl

**Raad voor Rechtsbijstand** (RvR) ንስኹም ባዕልኹም ክተከፍልዎ እንተድኣ ዘይትኽእሉ ኮይንኩም፣ ናይ ጠበቓ ሓገዝ ከም እትረኽቡ ይገብር። ነዚ ዝገብረልኩም ሓገዝ ብዝምልከት ድማ ቦርድ ሕጋዊ ሓገዝ (RvR) ነዚ ጠበቓ ክፍሊት ይኸፍሎ። እቲ ጠበቓ ናይ RvR ሰራሕተኛ ኣይኮነን።
እቲ ጠበቓ ኣብ መስርሕ ዕቑባኹም ዝጣበቐልኩም ገለልተኛ ወሃቢ ሕጋዊ ኣገልግሎት እዩ።
www.rvr.org

**Immigratie- en Naturalisatiedienst** (IND) ክፋል ናይ ሚኒስትሪ ፍትሕን ጸጥታን እዩ። IND፣ ንስኹም ኣብ ኔዘርላንድ ዕቑባ ንኽትረኽቡ መሰል ዘለኩም ምዃኑን ዘይምዃኑን ይምርምር። ስለዚ ብዛዕባ መንነትኩም ብዝምልከት ምስ ሰራሕተኛታቱ ዝርርባት ኣለዊኹም። ከምኡ እውን ንምንታይ ኣብ ኔዘርላንድ ዕቕባ ከምዘመልከትኩም እውን። IND፣ ንውልቃዊ ታሪኽኩምን፣ ነቲ ኣብቲ መበቆል ሃገርኩም ዘሎ ኩነታትን ይምርምር። ብድሕሪኡ IND፣ ንስኹም ኣብ ኔዘርላንድ (ንግዜኡ) ክትጸንሑ ዝፍቐደልኩም ምዃኑን ዘይምዃኑን ይውስን።
www.ind.nl

ኣብ ህንጻታት ናይ IND፣ ከምኡ እውን ኣብ መዕቆቢ ማእከላት ናይ COA **ሓለውቲ ጸጥታ** ኣለዉ እዮም። ብዝለብስዎ መለለይ ክዳን ማለት ዩኒፎርም ከተለልይዎም ትኽእሉ ኢኹም። ንሳቶም ንድሕንነትኩም እዮም ኣብኡ ዘለዉ። ኣብቲ ህንጻታትን ቀጽሪታትን ናይ INDን COAን እንታይ ከምዝፍቀድን ከምዘይፍቀድን ክትሓትዎም እውን ትኽእሉ ኢኹም። እዚኦም ሓለውቲ ጸጥታ ኣብቲ ብዛዕባ እቲ ዘመልከትኩሞ ዑቑባ ብዝምልከት ዝውሰድ ውሳኔ ዋላ ሓንቲ ጽልዋ የብሎምን።

**Dienst Terugkeer en Vertrek** (DT&V) ክፋል ናይ ኔዘርላንድ ሚኒስትሪ ፍትሕን ጸጥታን ኮይኑ፣ ንናይ ኔዘርላንድ ናይ ምምላስ ፖሊሲ ንምፍጻም ሓላፍነት ኣለዎ።
www.dienstterugkeerenvertrek.nl

**Internationale Organisatie voor Migratie** (IOM) ኣብ ምሉእ ዓለም ንዝርከቡ ስደተኛታት ዝሕግዝ ገለልተኛ ውድብ እዩ። ባዕልኹም ንኔዘርላንድ ሓዲግኩሞ ክትከዱ ምስ እትደልዩ፣ IOM ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ። IOM ብዛዕባ ምምላስን ዳግመ-ውህደትን ብዝምልከት ተግባራዊ ሓበሬታ ይህበኩምን፣ ከምኡ እውን ካብ ኔዘርላንድ ናይ ምብጋስ ጉዕዝኹም ኣብ ምውዳድ ይመርሓኩምን። ብዛዕባ እዚ ንኽሕግዘኩም ብቐጥታ ምስ IOM፣ DT&V፣ VWN ወይ ጠበቓኹም ርክብ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም።
www.iom-nederland.nl

Dienst Justitiële Inrichtingen
Ministerie van Justitie en Veiligheid

**Dienst Justitiële Inrichtingen** (DJI) ክፋል ናይ ኔዘርላንድ ሚኒስትሪ ፍትሕን ጸጥታን እዩ። ምስዚ ውድብ እትራኸቡ፣ እንተድኣ ኣብ ዶባት ዕቑባ ኣመልኪትኩም ጥራይ እዩ። ስለዚ ኣብ ሓደ ሓለዋ ዝግበረሉ መዕቖቢ ቦታ፡ ኣብ ዕጹው መዕቆቢ ዶባት ትጸንሑ። DJI ድማ ነዚ ህንጻ የመሓድሮ። ንስኹም ኣብዚ እትጸንሑ፣ ናብ ኔዘርላንድ ንኽትኣትዉ ፍቓድ ስለዘይብልኩም እዩ። ሰራሕተኛታት ናይ DJI መለለይ ክዳን ማለት ዩኒፎርም ይለብሱ እዮም። ኣብ መዕቆቢ ዶባት ኣብ እትጸንሕሉ እዋን ንሳቶም ይከናኸኑኹምን ይመርሕኹምን። ኣብ መስርሕ ዶባት ምስ COA፣ GZAን ሓለውቲ ጸጥታን ኣይትራኸቡን ኢኹም።
www.dji.nl

## ምምስራሕ ውልቃዊ ሓበሬታታት

ውልቃዊ ሓበሬታታት ብዛዕባኹም ዝምልከቱ ኩሎም ዓይነታት ሓበሬታታት እዮም። ኣብዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ዝሳተፉ ውድባት ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ኣለዉ። እዚኦም ውድባት ኣብ እዋን ናትኩም ምምልካት፣ ምዝገባ ወይ ሕቶ፣ ውልቃዊ ሓበሬታታት የመስርሑ። ንሳቶም ውልቃዊ ሓበሬታታት ንኽትህቡ ይሓትኹም፣ ከምኡ እውን ኣድላይ እንተድኣ ኮይኑ ንኻልኦት ውድባት ወይ ሰባት እውን። እዚኦም ውድባት ንውልቃዊ ሓበሬታታትኩም ይጥቕምሉን ይዕቕብዎን፣ ከምኡ እውን እንተድኣ ብሕጊ ዝግደዱ ኮይኖም ናብ ካልኦት ውድባት የመሓልልፍዎ።
ነቶም ውልቃዊ ሓበሬታታትኩም ዘመስርሑ ውድባት ዘለዎም ግዴታታት ብዝምልከት ኣብ ሕጋጋት ብሕትና ተጠቒሶም ኣለዉ። ንኣብነት ንሳቶም ንውልቃዊ ሓበሬታታትኩም ብትኽክልን ብውሑስን ክሕዝዎ ኣለዎም። ኣብ ሕጋጋት ብሕትና መሰላትኩም እውን ተጠቒሶም ይርከቡ። ብዛዕብኡ እንተድኣ ሓቲትኩም፣ ንኣብነት እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለኩም፡

- ኣብቶም ውድባት ዘለዉ ውልቃዊ ሓበሬታታትኩም ናይ ምርኣይ፤
- ኣየኖት ውድባት ንሓበሬታታትኩም ይጥቕምሉን ንምንታይን ናይ ምፍላጥ፤
- ናብ ኣየኖት ውድባት ውልቃዊ ሓበሬታታኩም ከምዝተመሓላለፈ ናይ ምፍላጥ።

ብዛዕባ ምምስራሕ ውልቃዊ ሓበሬታታትኩምን መሰላትኩምን ብዝምልከት፣ ተወሳኺ ክትፈልጡ ትደልዩ ዲኹም? ስለዚ ኣብ መርበብ-ሓበሬታታት ናይቶም ውድባት ተመልከቱ።

## ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት

**ኣነ ኣብ እዋን መስርሕ-ዱብሊን ኣበይ ይጸንሕ?**
ናይ ዱብሊን ቃለ-መሕትት ድሕሪ ምግባርኩም፣ ኣብ መዕቆቢ ማእከል ናይ COA ትቕመጡ። ድሒሩ IND ንዘመልከትኩሞ ዕቑባ ኣብ ኔዘርላንድ ንኽመስርሖ ወሲኑ ድዩ? ስለዚ ኣብ ከባቢ ቤት-ጽሕፈት IND ናብ ዝርከብ፡ መዕቆቢ-ቦታ-መስርሕ (POL) ትኸዱ። ኣብኡ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ ትኽተሉ። ኣብ ዶባት ናይ ኔዘርላንድ ዲኹም ዕቑባ ሓቲትኩም (ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ወይ ወደባት ባሕሪ)? ስለዚ ኣብ ዕጹው መዕቆቢ ማእከል ኣብ ስኪፖል [Schiphol]፣ ኣብ ዛይስት [Zeist] ወይ ሮተርዳም [Rotterdam] ትጸንሑ።

**ነዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ድሕሪ ምንባብኩም ገና ሕቶታት ኣለዉኹም ድዮም?**
ዘለዉኹም ሕቶታት ንጠበቓኹም ወይ ንሓደ ካብ ሰራሕተኛታት ናይ COA፣ IND ወይ VWN ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

**ጥርዓን ኣለኩም ድዩ?**

ኩሎም ኣብ መስርሕ ዕቑባ ዝሳተፉ ውድባት፣ ብሞያዊ ውሕልነትን ብትኽክልነትን እዮም ዝሰርሑ። እንተኾነ ግን ብሓደ ውድብ ብግቡእ ኣይተተሓዝኩን ኢልኩም ሓሲብኩም ዲኹም? ስለዚ ጥርዓን ከተእትዉ ትኽእሉ ኢኹም። ጠበቓኹም ወይ VWN ብዛዕባ እዚ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ።

እዚ ሕታም ሓባራዊ ሕታም ናይዞም ዝስዕቡ እዩ፥
Afdeling Vreemdelingenpolitie, Identificatie en Mensenhandel (AVIM)
NIDOS
Dienst Justitiële Inrichtingen (DJI)
Centraal Orgaan opvang asielzoekers (COA)
Immigratie- en Naturalisatiedienst (IND)
Koninklijke Marechaussee (KMar)
Raad voor Rechtsbijstand (RvR)
VluchtelingenWerk Nederland (VWN)
Internationale Organisatie voor Migratie (IOM)
Dienst Terugkeer en Vertrek (DT&V)

ብዕማም ናይ፣
ሚኒስትሪ ፍትሕን ጸጥታን፣
ክፍሊ ፖሊሲ ፍልሰት
www.rijksoverheid.nl

ካብ ትሕዝቶ ናይዚ ሕታም ዝምንጬው ዝኾነ ይኹን መሰላት ንምርካብ ኣይከኣልን እዩ። እንተድኣ እቲ ትርጉም፣ ፍልልይ ኣተረጓጉማ ናብ ምህላው ኣምሪሑ፣ እቲ ሕታም ቋንቋ ኔዘርላንድ መሪሕ ይኸውን።